# ናብቲ ናይ ዑቕባ ደገፍኩም ተወሳኺ በጽሒ ጽግዕተኛ ንምእታው ምምልካት - ቼክሊስት

ሕዳር 2002

Tigrinya

scottish refugee council

ኣብዚ እዋንዚ ካብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት (ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀንሲ) ናይ ዑቕባ ሓገዝ እንተደኣ ትቕበሉ ኣሎኹም ኰንኩም (ናይ ቅድሚ ሕጂ NASS) እሞ በዓል ቤትክን፣ በዓልቲ ቤትኩም፣ ወይድማ መጻመድትኹም ናባኹም ናብ ስኮትላንድ እንተደኣ መጺኦም ፡ናብቲ እትቕበልዎ ድጋፍ ከም በጽሒ ጽግዕተኛ ክትውስኽዎም ትኽእሉ ኢኹም።

እንተኾነ ግና፡ ናብቲ ናይ ዑቕባ ደገፍኩም ሓድሽ ጽግዕተኛ ከተእትዉ እንተደኣ ደሊኹም፡ እቲ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት ሓደሓደ ሰነዳት ከተቕርቡ ይደልየኩም። እዞም ሰነዳት እዚኣቶም ዘየማልኡ ሕቶታት ንኽዕወቱ ዘሎዎም ዕድል ጸቢብ እዩ።

እዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ሓበሬታታት ምስ ኣከብኩም ናብቲ ኣብ ናይ ስኮትላንድ ጉዳያት ስደተኛታት ቤት ጽሕፈትና ምጹ እሞ ንሕና ድማ ቆጸራ ክንሕዘልኩም ኢና።

በጽሒ ስደተኛ ናብ ናይ ዑቕባ ደገፍኩም ምውሳኽ ማለት ኣብቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ተወሲኾም ማለት ከምዘይኮነ ክትግንዘቡ ይግባእ። ኣብ ኩነታት ቤተሰብኩም ለውጢ እንተደኣ ተጌሩ ኣብ ልዕሊቲ ናይ ስደተኛታት ጉዳይኩም ጽልዋ ክህልዎ ስለዝኽእል፡ ብዛዕባ እዚ ምስቲ ናይ ሕጊ ወኪልኩም ኩሉ ግዜ ክትዘራረብሉ ንመኽረኩም።

## ናይ ሰነዳት ቼክሊስት

እዞም ዝስዕቡ ናይ ሰነዳት ቼክሊስት ንምልክታኹም ኣድላዪ ዝኾኑ ሰነዳት ንምድላው ክሕግዘኩም እዩ። እቲ ዘቕረብክሞ ምልክታ ተቐባልነት ናይ ምርካብ ብዙሕ ዕድል ምእንቲ ክህልዎ፡ ናብ ቤት ጽሕፈትና ምስ ተመለስኩም ብዝተኻእለኩም መጠን  ካብዞም ሰነዳት እዚኣቶም ብዙሓት ከተምጽኡ ፈትኑ።

## ዑቕባ

ኣብቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ንስኹምን መጻምድትኹምን ከምዘለኹም፤ ንኣብነት፥

- ☐ ንስኹም ወይድማ መጻመድትኹም ኣብቲ ዘእተኽሞ ናይ ዑቕባ ሕቶ ኣብ ነንሕድሕድኩም ከምእትውከሉ ዝገልጽ በቲ ናይ ሕጊ ወኪልኩም ናብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት ዝኣተወ ቅዳሕ ሓበሬታ

- ብዛዕባ ምሳኹም ዝነብሩ ጽግዕተኛታት ዝገልጽን ምሳኹም ዘለዎም ዝምድና ዘረጋግጽን ቅዳሕ ናይ ሕጋዊ መሕትት

- ቅዳሕ ናትኩምን ናይ መጻመድድትኹምን ነንሕድሕድኩም ከም ዝጠቀስኩም ዝገልጽ ናይ መጻረዪ/ናይ ዑቕባ ቃለመጠይቕ ቅዳሕ

## ዝምድና

- እንተደኣ ተመርዒኹም፡ ቅዳሕ ናይ መርዓ ሰርቲፊኬት

- እንተደኣ ዘይተመርዓኹም ኰንኩም፡ ንስኹምን መጻምድትኹምን ንክልተ ካብተን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት ብሓንሳብ ከምዝነበርኩም ዝገልጽ ሓበሬታ፡ ንኣብነት፥

  - ናይ ክልቴኩም ስም ዘለዎ ናይ ኣገልግሎት ወረቐት ክፍሊት
  - ካብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት (UKBA) ናብ ናይ ክልቴኩም ስም ዘለዎ ኣድራሻ ዝተለኣኸ ደብዳቤታት
  - ደብዳበ ካብቲ ናይ ሕጊ ወኪልኩም
  - ደብዳበ ካብ ናይ ሕክምና በዓል ሞያ

- ንስኹምን መጻመድትኹምን ንኽልተ ካብተን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት ርክብኩም ቀጻሊ ከምዝነበረ ዝገልጽ ቅዳሕ ናይ ውላድኩም ናይ ልደት ሰርቲፊኬት

## ስራሕ

መጻመድትኹም ካብ መንግስቲ ዓዲ እንግሊዝ ብዝተወሃቦ ፍቓድ መሰረት ሕጋዊ ዝኾነ ስራሕ እንተደኣ ዝሰርሕ ኰይኑ፡ ከምዚ ዝስዕብ ከተቕርቡ ይግባእ፥

- በቲ ናይ ቀረባ ግዜ ብምጅማር፡ ናይ ቅድሚ ሕጂ ትሰርሕሉ ዝነበረ ኩባንያ ወይ ማሕበር በበዕለቱ ብዝርዝር ብጽሑፍ ዝገልጽ

- ናይቲ ዘሰርሖም ኣካል ዝርዝር ሓበሬታ ዘጠቓልል፡ ናይ ዝሓለፈ 3 ኣዋርሕ ዝተኸፈለሉ ቼክ ወይድማ 12 ነናይ ሰሙን ዘርኢ ናይ ደሞዝ ቼክ

- ካብቲ ዘዝርሖም ኣካል ስራሕ ጠጠው ከምበሉ ዝገልጽ ናይ P45 ወይድማ ካልእ መረጋገጺ ዝኸውን ሰነድ

- ናይ ሃገራዊ እንሹራንስ ቁጽሪ

- ዝሰርሕሉ ዕለታት

- ዝሰርሕዎ ዝነበሩ ዓይነት ስራሕ

መጻምድትኹም ካብ መንግስቲ ዓዲ እንግሊዝ ብዘይ ናይ ስራሕ ፍቓድ እንተደኣ ዝሰርሕ ኰይኑ፣ ከምዚ ዝስዕብ ከተቕርቡ ይግባእ፥

- ናይ ቀድሚ ሕጂ ትሰርሕሉ ዝነበረ ኩባንያ ወይ ማሕበር ኩሉ በበዕለቱ ብዝርዝር
- ዝሰርሕሉ ዕለታት
- ዝሰርሕዎ ዝነበሩ ዓይነት ስራሕ

መጻመድትኹም እንተደኣ ብፍጹም ዘይሰርሐ፣ ከምዚ ዝስዕብ ከተቕርቡ ይግባእ፥

- ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብኸመይ ይመሓደሩ ከምዝነበሩ መግለጺ
- ካብቶም ዝድግፍዎም ዝነበሩ ፈተውቲ፣ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ይህብዎም ከምእውን ንኽንደይ ዝኣክል ይሕግዝዎም ከምዝነበሩ ብዝርዝር ከምእውን ንምንታይ ሕጂ ሓገዞም ክቕጽሉ ከምዘይክኣሉ ዝገልጽ ሓበሬታ

**ናይ ቀድሚ ሕጂ ኣድራሻታት**

- በቲ ናይ ቀረባ ግዜ ኣድራሻ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብምጅማር፣ መጻመድትኹም ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝቕመጡሉ ዝነበረ ዝርዝር ኣድራሻታት ብምልኡ በብዕለቱ ብምስራዕ ዝገልጽ ጽሑፍ
- ነፍሲ ወከፍ ንብረት መን ከምዝውንኖ ከምእውን ኣብቲ ቦታ ንምንባር ዝኸፈልክሞ ነገር እንተሎ ዝገልጽ ጽሑፍ

**ናይ ባንኪ ሕሳብ**

- ንስኹምን መጻመድትኹምን ዝወነንክዎም ናይዘን ዝሓለፋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣታውን ወጻእን ዘርኢ ብምልኡ ናይ ባንኪ ሕሳብ
- ብዙሕ ዝኣተወ ወይ ዝወጸ ገንዘብ እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ፣ ንኣብነት ገንዘብ ካብ ሓደ ናይ ባንኪ ሕሳብ ናብ ካልእ ምግዓዝ ብዝምልከት ናይ ጽሑፍ መግለጺ
- ናብ ናይ ባንኪ ሕሳብኩም ገንዘብ ካብ ዘእተው ዝኾኑ ሰባት እቲ ገንዘብ ከምዘእተውዎ ዘረጋግጽ ደብዳበ
- ካብ ናይ ባንኪ ሕሳብኩም ገንዘብ ዝሰደድክምሉ ዝኮነ ሰብ ነቲ ገንዘብ ከምእተቐበሎ ዘረጋግጽ ደብዳበ
- ካብቲ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዘርከብ ባንክኹም ቀድሚ ሕጂ ዝተዓጽወ ናይ ባንኪ ሕሳብ ዘረጋግጽ ደብዳበ

**ኣገዳሲ ሓበሬታ፥ እቶም እተቅርብዎም ደብዳበታት ብቋንቋ እንግሊዝ ዝተጻሕፉ ክኾኑ ይግባእ። እንተኾነ ግና፡ እቲ ደብዳበ ዝሀበኩም ግለሰብ እንተደኣ ብቋንቋ እንግሊዝ ክጽሕፍ ዘይክእል ኮይኑ፡ ኣብቲ ቆጸራኹም ምሳኹም ሒዝኩሞም ክትመጹ እሞ ነቲ ደብዳበ ክጽሕፈልኩም ክንሕግዞም ንመኽረኩም።**

**እቲ ኣብቲ ደብዳበ እትጽሕፍዎ ዝርዝር ኣድራሻታትን ናይ ስራሕ ቦታታትን ብቋንቋ እንግሊዝ እንተደኣ ክትጽሕፍዎ ዘይከኣልኩም ንቋምቋኹም ክትጽሕፍዎ ትኽእሉ ኢኹም።**

**ናይ ቤት ጽሕፈትና ክትመጹ እንከለኹም፡ ነዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ኩሉ ኣድላዪ ዝኾነ ሰነዳት ሒዝክም ክትመጹ ይግባኣኩም፡ እንተዘይኮይኑ ግና ሕቶኹም ብዝምልከት ክንኽግዘኩም ኣይንኽእልን ኢና።**

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk
Scottish Refugee Council is a charity registered in Scotland.
Registered Charity: SC008639